# ሽርሒ ህግደፍ ምስ ውድባት ኢትዮጵያ።

## ራብዓይ ክፋል።

*ብመምህር ተስፋ ዘውደ።*

ጉዳይ ሃገርና ስለ ልዕሊ ኩሉ ገርና ንሰርዖ፣ ኣብ ህወትና ቀዳማይ መስርዕ ዝሓዘ ኢዩ። ካብዚ መወከሲ'ዚ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ከም ክትግበር ዘለዎ ስጉምቲ መዲብና ድሕሪ ፖለቲካዊ ጥምጥም ምስ ገዛእትና፣ ቅኑዕ ጠለብናን ትጽቢትናን ገሊጽና ብቕሉዕ ኣብ መተግበሪ ጠረጴዛ ምንባርና፣ ግን ብኣንጻሩ ዝተዋህበና መልሲ ምድሃኽን፣ ከም ዜጋታት ድማ ምምሕዳርና ኣብ ኢድና ከይኣቱ ተሓሪምና። መልሲ ኩሎም ገዛእትና ሞትን ህልቂትን ዓመጽን ጥራይ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ዕጽው መዕጸን ብመናድቕ ሓጹራትን ተሓጺርና፣ ብሰላማዊ ሕቶ ነቕርቦ ኩሉ ሓንሳብን ንሓዋሩን ተረጊጡ። እንታይ ከም ዝስዕብ ድማ ንመላእ ህዝብና ብሩህ ነይሩ። ዕጥቃዊ ቃልስና ከነብግስ ተገዲድና። ቅትለትን ደም ምፍሳስን ስለ ዝናፈቕና ኣይኮናን ዕጥቂ ክንሕንገጥ መሪጽና። ካልእ ኣማራጺ ስለ ዝሰኣና እንበር። ጸላኢና በታ ትርድኦ ክንብድሆ ኢና ተሲእና። ናይ ሰላም ባህግና ሕጂውን ኣየብቀዐን። ከም ንንድርን፣ ከም ዘይንሕለልን ኢና በታ ቀዳመይቲ ናይ ኣዳል ጥይትና ኣቃሊሕና። ዝተጀመረ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘስዕቦ መስዋእትን ከቢድ ክሳራታትን እውን ክሳብ ክንደይ ከም ዝኸውን ሓርፋፍ ግምትስ ነይሩና። ተመጢጡ ክነውሕ ከም ዝኽእል ንኩላህና ፍሉጥ ኢዩ ነይሩ። ጸላእትና ከም ሃገራት ልዑላውነቶም ዘረጋገጹን ግን ንውሽጣዊ ምዕብልነኦም ሃገርና ዘለዋ ሰባውን ባይታውን ጸጋታት ንምግሓጥ ብስስዐ ኢዮም ተበጊሶም። ዝገሓጥዎ ድማ ኣይወሓደን።

ናይ ሃይለ ስለሰ መንግስቲ መኸተ ኤርትራውያን ስለ ዝሓየሎ፣ ምስቲ ኣብ ትሕቲ ጥልያንን እንግሊዝን ዘጋጠመና መግዛእቲ ዘዋህለልናዮ ተመክሮ ስለ ዝነበረ፣ ብኣንጻሩ ድማ ኢትዮጵያ ብመስፍናውያን ዘይማዕበሉ ቅርጺ ብመሳፍንቲ ትመሓደር ስለ ዝነበረት ንመኸተና ክትጻወሮ ኣይከኣለን። ናይ መግዛእቲ ምረት ኣብ ሊብያ፣ ኣብ ሶማልያ፣ ኣብ መጨረሽታ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ 1935 ዓ.ም፣ ኣብ ዘይምልከተና ውግኣት ተሸሚምና። ወጺእና ቃልሲ መስሪትና፣ ክንቃለስ ጀሚርና ኣቓልቦን ጥራይ ናብ ጸላኢና ኣትኩርና። ሃይለ ስላሰ ካብዚ ኩርናዕ እዚ ተበጊሱ፣ ናይ ናጽነት ጠለብ ከም ሕማም ስለ ዘዕበድበዶ ንኤርትራ ናብ ክልተ ተመቒላ፣ ባጽዕን ዓሰብ ወኒኑ ነቲ ምዕራባውን ሰሜናዊ ክፋል ሃገርና ንሱዳን ክወሃብ መዲቡ ነይሩ። ንኤርትራ ኣብ ክልተ ምምቃላ ዝብል ሜላ ድማ ብኩለን ብሄራትና ዘይቅቡል ኮይኑ ስለ ዝተረኸበ፣ እቲ መደብ ገና ከይተበገሰ ኢዩ በርዒኑ። እዚ ናይ ምምቓል ድሕሪ ምፍሻሉ፣ ስዒቡ ዝምጸ ድማ ኤርትራ ብምልእታ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጰያ፣ ኣብ ሓደ ጆግራፊያዊ ቅርጺ ክልተ ሃገራት ዘስምዕ ምምሕዳር ኢዩ ከም ምርጫ ዝቐረበ። ኤርትራውያን ነዚ ናይ ፌደረሽን እመማ እውን ብተሪር ኢዮም ተቓዊሞሞ። እቲ ካብ ፍርቂ 40ታት ጀሚሩ ዝቃለስ ዝነበረ ኤርትርዊ ቀጽሪ ኣዝዩ ብሱልን ተሪርን ኢዩ ነይሩ። ነዚ ከኣ ኢዩ ቃልሱ ካብ ሓደ መድረኽ ናብ ካልእ ዘደየቦ። ኣበጋግሳ ሰውራ ኤርትራ ከም ሓዲሽ ብረታዊ ጎነጽ፣ ኮነ ኣመራርሕኡን ጉድለት ከም ዝህልዎ ክሰሓት ዘይግብኦ ሓቂ ኢዩ። ኩሉ ኣብ ምብጋስ ዝርከብ በዳህን ፈታንን ተበግሶ፣ ምስ ጉድለቱ ክውለድ ባህሪያዊ ኢዩ። እቲ ሎሚ ብዙሕ ዝዝረበሉ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ በቶም ቀዳሞት ኣቦታትና፣ ነዚ ሓዲሽ ወለዶ ኣበሓጎታቱን ዘሐብን ተበግሶ ጥራይ ዘይኮነስ ንጽህና ዝዓሰሎ ደሞክራዊያዊ ባህሪ ይውንን ነይሩ። ንውልቀ-ረብሓ ዝሓለነ ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣይነበረን። ኣብቶም ምስ ኢትዮጵያ ዝብሉ ኣውን ከይተረፈ፣ ወከልቲ ክኾኑ እንተዘይ ኮይኑ፣ ውልቐ መራሕቲ ክኾኑ ኣይሃቀኑን። ናይ ባዕዲ ረብሓ ዝውክሉ ምምራጸም ጉጉያት ክንብሎም ንኽእል። ኣምልኹና ዝብል ሕማም ግን ኣይነበሮምንን። ስለዚ ከኣ ኢዩ ክሳብ ልዝብን ዘተን ኣብ ክልቲኡ ደምበ ኣሕዋት ዝተኻየደ። ነፍስ ወከፍ ደምበ ከረድእ ኢሉ ዝፍትነሉ እዋን ነይሩ ኢዩ። ልክዕ ኣብ ደንበ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ በሃልቲ፣ ዓመጽ ዝተዋፈረ ናይ ሽፋቱ ባህሪ ተደራቢ ሜላ ነይርዎ።

ነዚ ኩሉ ካብ መቕርብኡ ዝሰነቐ ኢሰያስ ድማ ሕልምታቱን ሕልምታት ለኣኽቱን ከተግብር ዝተበገሰ። እታ ምስ ድምጺ ኣመሪካ ናይ ኮንፈደረሽን ቃለ መሕትቱ በጨቅ ዝበለቶ ግን እቲ ገርሂ ልቢ ህዝብና ኣየስተብሃለላን። ናይ ዕርቂ ጻውዒት ገይሩ ኣንቢብዋ። ኢሰያስ ግን ንግርህነትና ጥር ክብል ኢዩ ክብለጸሉ ዝተበገሰ። ንሕና እውን ቆላሕታና ናብ ገዛእትና ጥራይ ኢዩ ዘማዕዱ ነይሩ። ነዚ ሽርሒ እዚ ግን ምዕሩይ ውሽጣዊ ቆላሕታ ዳርጋ ኣይተገብረሉን። ውሽጣዊ እምነትና ፈጺሙ ርዒሙ ኢዩ ደቂሱ ጸኒሑ። ኣብ ገለ እውን ሕጂ ገና ኣይተበራበረን። ከምቲ ኢሰያስ ዝደልዮ፣ ሕቶና ሕቶ ኤርትራ ከም ዝኾነ ተረሲዑ ሕቶ ወልቀ-ሰብ ገይሮም ዝወሰድዎ ኣብ ቀረባ እዋን ብብሩህ ሪኢና። ኣማን ዓንዶም ከም መራሒ ደርጊ ኮይኑ ንጉዳይ ኤርትራ መፍትሒ ዝኸውን ሓበረታ ክእክብ ምስ መጸ፣ ወድና ካብ ኮነ ንሕና ኢትዮጵያውያን ኢና በሃልቲ ተፈጢሮም ነይሮም። እዚ እኩይ ፍጥረት ድማ ከም ለዋህ ድሙ

ሰም ሰም እንዳበለን ኛው ዝብል ናቁኡ፣ ገና ስጋኹም ደምኩም ኣይጸገብኩን ዝብል መልእኽቱ ዘስከሮም ሰዓብቱ ምስ ምሉእ ዓለም ክበኣሱ በትሮም ገና የዋጣውጡ ኣለዉ። እስኪ እቲ ሽርሑ ምስታ ዝሓለፈት ሳልሰይቲ ክፋል ኣላጊብና ንቐጽላ።

እተን ናይ ኢትዮጵያ ተቓውምቲ ውድባት ጻውዒት ናይ ሕብረት ወይ ኪዳን ኩለን ውድባት ከም ፖለቲካዊ መስርሕ ኣብ ኣስመራ ክካየድ ኣንቢብናዮ ነርና። ንናይ ተጋሩን ኦሮሞን ውድባት ገዲፉ፣ ጥርናፈ ጻውዒት ኢሰያስ ንናይ ሃይለሰላሰን መንግስቱ ሃይለማርያም ተረፍ መረፍ ሰሪው ኢዩ ኣንጻር መንግስቲ ኢህወደግ ፈልዩ ኣብ ኢትዮጵያ ከእቱ ዝወጠኑ። እዚ ግን ክልተ ሓደገና ተርእዮ ኢዩ ነይሩ። ቀዳማይ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልእ ሃገር ኢድካ ምእታው። ካልኣይ ድማ ሓንሳብ ምስ ተወለዐ፣ ብናቱ ዓቕሚ ክጠፍኦ ከም ዘይክእል ብሩህ ኢዩ ነይሩ። ዘሕዝን ግን ክልቲኡ ህዝብታት ናይ ደም ደበና ይሰርቦ ምህላዉ ዝተገንዘበ ዳርጋ ኣዝዩ ውሑድ ሰብ ኢዩ ነይሩ። ሓደ ተቓላሲ ህዝቢ ብፖለቲካ ኣመራርሓ ዘይበሰለ ዲፕሎማስያ ዝምድና ዘይጻኣኣድ ዓንዳሪ ስብ ክንምርሕ ኢዩ ዘሕፍር።

ኣብ ውሽጢ እታ ንሃገር ትመርሕ ዝነበረት ጉጅለ ንምእራም ዘካይድዎ ኣሰሮም እንዳ ተኸተለ ምትዕንቓፍን፣ ኣቓልቦኦም ናብ ካልእ ከም ዝቐንዕ ምግባርን ዘበገሶ መርበብ ፍሕት ምባል ኢዩ ከሊእዎም። ሕጂ'ውን ስልም ልም ዝብል ኣዒንቱ እንተ ዘየስተሃሉሉ እንተስ ኣብኡ ዝሓሸ ምትእኽኻብ ተበሪህዎም፣ ትጽቢት ዝገብሩ ኣለዉ። ካብ ደም ምፍሳስ ዘቕጥብ ጽቡቕ ድልየት ክህልዎም ይክእል ይኸውን ። እዚ እውን ከም ሓልዮት ከንብቦ ንኽእል። ኢሰያስ ግን ደም ናይ መን ከይፈስስ ኢዩ ዝጥንቀቕ። ንከልቢ እንካ ስጋ ሓሉ ዝዓይነቱ ጥበብዶ ኣይመስለኩምን። ትምክሕተኛ ተሓግሒጉ ከም ዝሓረረ ቂጫ ናብ ጎሓፍ ክድርበ ኣለዎ። ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ኣሃዱ፣ ደም ኣፍሲሱ ስልጣን ንህዝቢ ከረክብ ከም ዕላማ ቀዳማይ ገይሩ ዝሰርዕ እውን የለን። እቲ ጎነጽ ዝተጥቀመ ካልእ ኣማራጺ ስለ ዝሰኣነ ኢዩ። እቲ ብሰላም ዝጽውዕ እውን ናይ ህዝቢ ጻውዒቱ፣ ከም ዝድንፍዕ ገይሩ፣ ናብ ዑዉት መድረክ ክድይብ እንተ ዝኽእል፣ ኩሉ ምሰዓቦ። እዚ ንምግባር ግን ህዝቢ ንዑ ማለት ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ናይ ኣመራርሓ ጉድለት ዘስተብሃለ ህዝቢ ብቀሊል ኣሚኑ ሕራይ ክብል ትጽቢት ክግበረሉ ኣይክእልን። ህዝቢ ብብዙሕ ኩርናዓት ዝቐርብ መንገዲ ፍሽለት ስለ ዘጋጠሞ፣ ነቲ ዳርጋ ኣብ መዋእሉ ንሃገር ክመርሕ ዝመደበ ብሓደ መዳይ፣ እቲ ተቓዋማይ ዘይምድምዑ ዘስተብሃለ፣ ኣንፈቱ ከመዓራሪ ዝክኣል ሀዘቡ ጭቡጥ ነገር ክርኢ ይጽበ ኢዩ ጸኒሑ። ህዝቢ ባዕሉ ንዘይከውን ኣብ ክውን ክልውጥ ምተገበኦ። ይኹን እንበር ትጽቢትን ድልየትን በይነን እኹላት ኣይኮናን። ህዝቢ ዘይተሓወሶ ቃልሲ ካብ ሰማይ ወይ ካብ ሞለኪታዊ ሓይሊ ዝዕወት የለን። ብዝኾነ ግን እቲ ነታ ሃገር መጣልዒት ክገብራ ዝደሊ ኣብ ውሽጢ ቃልሲ ከም እሙንን ተቓላሳይን መሲሉ ተሞኽልዩ ዝኣቱ፣ ኣዝዩ ሃሳይን ላሽማን ይኸውን። ንሓደ ውሽጣዊ ጸገማቱ ከየማዕደወ ዝቃለስ ህዝቢ፣ ዝወርዶ ማህሰይቲ ካብቲ ግዳማዊ እቲ ውሽጥእዊ ከዳዕ ኣዝዩ ዝሽፍኦን ዝመረረን ሙኺኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ስለ በቲ ዘይተጸበኻዮ ጎድኒ በሲዑ ዘጥቅዕ።

ኣብ ኢትዮጵያ ንኹለን ተቓወምቲ ሓይልታት 2005 ንዝካየድ ምርጫ ክካፈላ ኣቐዲሙ ጻውዒት ተኻይዱለን ነይሩ። ነዚ ናብ ደሞክራሲያዊ ባይታ እግርኻ መሊእካ ዝካየድ ብጽቡቕ ራእይን ቅርዕው መስርሕን ጻውዒት ግን ብኣንጻሩ ከመይ ገርካ ተምክኖን ተፍርሶን ዝብል ሕልሚ ኢሰያስ ምስቶ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ትምክሕተኛታት ብሓባር ሽርሒ ኣለመ። ከም ሰላማዊ ፍታሕ መሲሎም ኣብ ምርጫ ክኣትዉ፣ ካልኣይ ሕቡእ ቅርጻም ድማ ናይ ሓርበኛታት ሓድነት ዝብል ዕጥቃዊ ዘመተ ከካይዱ መደብ ወጸ። ኣብቲ ናይ ምርጫ ምስታፎም ከም ዘይምረጹ ስለ ዝፈልጡ፣ እቲ ምርጫ ቅኑዕ ከም ዘይነበረ፣ ኣምሲሎም ናዕቢ ከልዕሉ ኢዮም መዲቦም። ብኽልቲኡ መዳይ እታ ሃገር ክትሕመስን፣ ስእሊ ኢሂወደግ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክድምሰስ ዝብል ባህጊ ኢዩ እቲ ቀንዲ ዕላማ። ብወገን ኣንበብቲ ግን ስለምንታይ ኢኻ ናብ እዚ ኣርእስቲ ኣድሂብካ ዝብል ሕቶ ይለዓል ይኸውን። ነፍስ ወከፍ ኤርትራዊ ክግምቶ ዝግብኦ ሓቂ ኣሎ። ካብቲ እኩይ ፍልስፍና ኢሰያስ ወጻኢ፣ ሓንቲ ናብ መሰረታዊ ለውጢ ገጻ ተቕንዕን ናብ ጎደና ምዕባለ ብሩህ ስጉምቲ ትስጉም ኢትዮጵያ'ዶ ንሃገርና ኣወንታዊ ኣብነት ትኸውን? ወይስ ሕንፍሽፍሽ ዝኣተዋ ሃገር? እታ ብመለኸቲ ትውነን ኢትዮጥያዶ ኣይኮነትን ኣድምያትና ኢልና ዝተቓለስና? ነፍስ-ወከፍ ዜጋ ኣወንታውን ኣሉታውን ፍታሓት ፈላልዩ ከማዕዱ ይግባእ ዝብል ኣበሃህላ ለኪዕና ምርኣይ ንረብሓና ኢዩ። ኢሰያስ ናይ ውልቁ ርብሓ የማዕዱ። ንሕና ድማ ናይ ሃገርና ሓባራዊ ረብሓን ስለምን ቅሳነትን ከነማዕዱ ይግባእ በሃሊ ኢየ።

ይኹን እንበር ነዚ ዝካየድ ምርጫ ንምፍሻል ክልተ ዓመት ኣቐዲሙ ኣብ ዋሺንግቶን 2003 ኣብ ምሽብሻብ ተረኺበን ንምፍሻል እቲ መርጫ ዘመተ ከካይዳ ጻውዒት ብሕቡእ ተገይሩለን ነይሩ። ነዚ ጻውዒት እዚ ሃንዳሲትን መዋሊትን ድማ ህግደፍ ክትከውን ከላ ኣዳለውቲ ክመስሉ ናይ ኣምሓሩ

ኣዋፈርቲ ኢዮም ቀንዲ ተዋሳእቲ ነይሮም። መን ይካፈል መንከ ኣይካፈልን ድማ ካብ ኣስመራ መምርሒ ተዋሂብዎም ነይሩ። ነቶም ቀንዲ ጸላእቲ ኢህወደግ ንናይ ትግራይ ተቓውሞ ወከልቲ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ (ዴምህት) ክንጽልዎ ኢዩ እቲ ቀንዲ ውጥን ዝነበረ። ትግራዋይ ቀጺሉ እውን ኦሮሞ ፈሊኻ ትብገስ። ምስ ተጎሃሃረ ድማ ንክልቲኦም ጸኒሕካ ተዕጥቕ። ንኩሎም በበይኖም ገርካ ተበግሶም። ግርጭታት ፈጢርካ ብድሕሪ ኢህወደግ ምውዳቕ ከተናቑቶም ትኽእል ዝብል ናይ መጻኢ ጠመተ ዘበገሶ ውጥን ህግደፍ ኢዩ። ገለ መንገዲ ሰላም ዝመርጹ ኢትዮጵያውያን ምኩራት፣ መታን እቲ ምጉጅጃል ኣብ ዘይድሊ ኣንፈት ከየምርሕ ኣቓዲሙ ንኹለን ናይ ካልኦት ብሄራት ኢትዮጵያ ጻውዒት ከካይድ ዝጸውዑ ነይሮም ኢዮም። ንሶቶም ኢዮም ድማ ነቲ ጉድ ከቃልዕዎ ዝጀመሩ። እዚ እውን ክብጻሕ ዝተደልየ ኣንፈት ንምርጫ ኢትዮጵያ ንምስንኻል ዝግበር ሽርሒ ፈሊጦሞ ስለ ዝነበሩን፡ ብፍላይ ድማ ካብ ሰላማዊ መስመር ወጺእካ ዝካየድ ጠለፋ ዘስዕቦ ሓደገኛ ኩነታት ንምእላይ ዝሓለነ ኢዩ ነይሩ። ነዚ ኩነታት እዚ ኣመልኪቱ ነቲ ቀንዲ ሃንዳሲ ናይዚ እኩይ ሕንጻጽ ንምህዳእ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ውድብ (ዴምህት) ክዝትን ነተን ካልኦት ውድባት ድማ ተራኺቡ ካብቲ ኣዕናዊ ኣንፈት ክኣልየን ፈተነ ከካይድ ኣቓዲሙ ኢዩ ጻውዒት ዝገበረ። እቲ ውድብ ነቲ ብሄራት ዝፈላሊ ከህድእ ምስ ኢሰያስ ክመክር ምምዳቡ፣ ኣወንታዊ ይኹን እንበር ናይ መማኸርቱ ኣተሓሳስባን መርገጽን ስለ ዘየነጸረ ዕላምኡ ክብገስ ከሎ ናብ ዘየተኣማምን ገጹ ይምርሽ ከም ዘሎ ክግመት ይከኣል። እቲ ስዒቡ ካብ መላ ኣማራ ድርጅት ሓቢኡ ,,መላ ኢትዮጵያ ኣንድነት ድርጅት (መኢኣድ) ዝመርሑ ኣቶ ሃይሉ ሻውል ወከልቲ ዝኾኑ ዝሳተፍሉ (ኣብ ዋሽንግተን ዝርከቡ ዶክተር ኣክሊሉ ሃብተ ዶክተር ኣልማዝ ዘውዴ) ክራኸቡ ይውስኑ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ነቲ ጉዳይ ብዝምልከት ብዝርዝር፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝሕተም ,,ኢትዮጵያ“ ዝብል መጽሔት ኮነ ኣብ ቶሮንቶ ካናዳ ዝሕተም ,,ሓዋርያ“ ዝብል መጽሔት ብፍላይ ,,ብናይ ኤርትራ ፋይል ዝኽፈት“ በተኻታታሊ ዝተጠቕሰ ነይሩ። ካብተን ጽሑፋት ዝበገስ ውጥን ንምእላይ እውን ነቲ ከባቢ ናብ ካልእ ትርጉም ዘይብሉ፣ ግን ኣዕናዊ ንነዊሕ ግዜ ዘስዕቦ ሕንፍሽፍሽ ዝገልጽ፣ ኣሊኻ ለባም ማዕዳ ንምሃብ ዝሓለነ መግለጺታት ሒዙ ምብጋሱ ዝእንፍት መስመር ከም ተበገሰ ድማ በቲ ካልእ መዳይ ነይሩ።

ማዕረ-ማዕሪኡ እቲ ካልኣይ ውጥን የዐውተኒ ኢዩ ዝብል ,,ናይ ጸላኢየይ ጸላኢ መታዓይይተይ ኢዩ“ በሃሊ ብኽልተ ናይ ጥኣፍታት መሻርኸቲ፣ ጥሩፋት ናይ ሄራት ውድባትን ህግደፍን ዝተኣልመ ዘመተ ኢዩ። ብካልእ መዳይ እቲ ብለባም ኢትዮጵያዊ ጻውዒት፣ ነቲ መዳውብቲ ዝኾነ ህዝቢ ንምድማይ ዝተኻየደ ተንኮል ንምእላይ ዝሓለኒ ኣብ ሚያዝያ 2000 ወፍሪ ተኻይዱ ነይሩ። እቲ ለባም ርእይቶ ኣብ ኣስመራ ምስ ኣቶ የማነ ገብረኣብ ዝተኻየደ ብሓጺሩ ከመይ ይመስል? እንሆ ድማ ብኣቶ ኣብረሃም ያየህ ርእይቶ፡- ነቲ ዝተጠቕሰ በብቑሩብ ገማሚዐ ኢየ ከቕርቦ፣

ካብ ጽሑፍ ኣቶ ኣብረሃም ያየህ ገለ ከይተሓወሶ ድማ እንሆ።

*,ቕድም እንትብል መራሕቲ ሕውሓት፣ ዳሕራይ ድማ መራሕቲ ,,ኢህወደግ“ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዝወሰድዎ መርገጺታትን ዘተገብርዎም ፍጻሜታት ብህዝቢ ትግራይ ይኹን ብህዝቢ ኢትዮጵያ ዘይተዘተየሎምን ናይ ህዝቢ ተሳትፎን ውክልናን ኣይነበሮምን። ብፍላይ ድማ ነቲ ናይ ኤርትራ ነጻነት ሕጋዊ ልባስ ክህቦ ዘኽኣለ ረፈረንዱም ብዓይኒ ሕጊ ዘይሕጋዊ ነይሩ። ካልእስ ይትረፍ፣ እቲ ናይ ረፈረንዱም ቅጥዒ ኣንተወሓደ በቲ ,,ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፣ (ህግሓኤ) ብ1980 ዕ.ም ኣቕሪብዎ ዝነበረ ሓሳብ ክምስረት ይግባእ ነይሩ። ካብ ኣሰራርሓ ፕሮፓጋንዳ ውፅእ ኢልና ንምዝራብ፣ ምናልባት መራሕቲ ኢህወደግ ዝተኸተልዎ መስመር „እቲ ንሰላሳ ዓመታት ዝኣክል ደም ዘፋሰሰ ናይ ኤርትራ ጉዳይ ንዝለዓለ ዋጋ ከፊልካ’ውን እንተኾነ መዕለቢ ክረክብ ኣለዎ“ ካብ ዝብል ቅንዕና ዝፈልፈለ ክኸውን ይኽእል ኢልካ ንምቕባል ይከኣል ይኸውን። ይኹን’ንበር ከምዚ ዝኣመሰለ ተኻሳሒ ንዝኾነ ጉዳይ ብዝምልከት ከቢድ ስጉምቲ ቅድሚ ምውሳድካ፣ ኣብ ትሕቲ ፅላል ብህዝቢ ዝተወከለ ፓርላማን መንግስቲን ፥ ጥራሕ ክፍፀም ይግባእ ነይሩ ። እዚ ድማ ንኢህወደግ ካብ ተሓታትነት ነፃ ክኸውን ሓጋዚ እንትኸውን ብዝበለፀ ንህዝቢን ነፃነትን ኤርትራውንን ዘየዳግም ዘየዘራርብን ውሕስና ኣብ ምርግጋፅ ዓብዪ ተራ ኣለዎ። እቲ ብዓይኒ ሕታዊ ኣፈፃፅማ እንተተራእዩ ሕጋውነት ዘይለበሰ ናይ ረፈረንዱም ከይዲ ህዝቢ ትርግራይ ብካልኦት ኢትዮጵያውያን፣ ብፍላይ ድማ ብህዝቢ ኣምሓራ፣ እንትኽሰስ ይርከብ። እቲ ጎንፂ ዝተፈጠረ’ውን ምስ’ዚ ኩነታት ብዝተተተሓዘ ምኽንያት እምበር ብናይ ዶብ ምስሕሓብ ከምዘይኮነ ኣፀቢቕና ንፈልጥ ኢና። እንተደኣ ካብዚ ክልቲኦም ህዝብታት ኣትዮምዎ ዘለዉ ዓዘቕቲ፣ ከንወፅእ ተደልዩ፣ ክልቲኦም ህዝብታት ብዘርብሕ ኩነታት ክልቲኦም ህዝብታት ብሰላም ንክነብሩን ንክቕስኑን ዘኽእል ሓደ ፈደራስዮን/ኮንፈደራስዮን ዝመስል ናይ ምትሕብባር ምትእስሳር ምስ እንገብርዩ። ቕድም እንትብል (ብቕድም’ቲ ጎነፅ ፕረዚደንት ኢሰያስ ብዝተፈላለዩ መፈነውቲ ዜና ብፍላይ ምስ ሬዲዮ ኣሜሪካ*

*ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት ግልጺ ብዝኾኑ ቃላት፣ „ኢትዮጵያን ኤርትራን ብኮንፌደረሽን ክተኣሳሰራ ኣለውን፣ ኣብ ሞንጎ ክልቲን ሃገራት ዘሎ ዶብ ትርጉም የብሉን“ ወዘተ.“ ዝብትል ተስፋ ዘሕደረ መልእኽትታት እነተመሓላልፍ ሰሚዐ ስለ ዝኾንኩ* ኢዩ። ኢሰያስ ምስ ሬዲዮ ኣመሪካ ዝገበሮ ቃለ - መሕትት ቅዳሕ (ብድምጺ) ኣብ ኢደይ ይርከብ“፣ ይብል ጽሑፍ ኣቶ ኣብርሃም ያየህ። (ኣገዳሲ እዋናዊ ለበዋን ሓበሬታን ንህዝቢን ሰራዊትን ኤርትራ ካብ ኣብራሃም ያየህ 4 ግንቦት 2007 (ምያዝያ 27 1999 ዓ.ምህረት ግእዝ)። (ካብቲ ጽሑፍ እስኪ ንቐጽል ተስፉ)።

ኣቶ ኣብረሃም ያየህ ኣብ ናይዚ 4 ግንቦት 2007 መጽሄቱ ክምዚ ክብል ይቕጽል።

*ብጣዕሚ ዘሐጎሰኒ ንኤርትራ ሰተት ኣቢሉ ዝወሰደኒ ነቲ ኣነ ዘቕረብክዎ ሓሳብ ብወገን መንግስቲ ኤርትራ ብዝበለፀ ክም ዝድለይን እናተሰርሓሉን ክም ዝፀንሐን፣ ነዚ ድማ ጭቡጥ መርትዖ ከምዘሎን ብኣቶ የማነ ገብረኣብ ኣብቲ ብኣቶ የማነ ገብረኣብ ዝተመርሐ ልኡኽ መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ኣመሪካ ዝተራኸብናሉ እዋን ምስ ተነግረኒ'ዩ። እዚ ዘረባ እንተሰምዕ በይነይ ኣይነበርኩን። ክም ኢህኣፓ መራሒ ኣቶ ኢያሱ ኣለማየሁ ዝኣመሰሉ ተፈለጥቲ ኢትዮጵያውያን ኣነ ብዝገበርኩሎም ዕድመ ምሳይ ኣብቲ ኣኼባ ተረኺቦም ስለ ዝነበሩ ንሳቶም'ውን ዝሰምዕዎን ዝተሓጎሱሉን ተረኺቦ'ዩ ነይሩ።*

*ነዚ ዘህርፍ መልእኽቲ ምስ ጨበጥኩ፣ ንኹሎም መራሕቲ ተቓውሞ ውድባት ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ነዞም ሎሚ „ቅንጅት“ ኢና ዝብሉ ፅንፈኛታት ኣምሓሩን ብምዝርራብ፣ ሕብረት ፈጢሮም ነቲ ኣነ ምስ መንግስቲ ህግደፍ ዝተዘራረብኩሉ ዓብዪ ተስፋ ዘለዎ ጉዳይ ብዝተጠርነፈ ሓይሊ ክከታተልዎን ኣብ መወዳእታ ከብፅሕዎን ንሰለስተ ዓመታት ዝኣክል እንትምሕፀን ፀናሕኩ። ብዝተፈላለዩ ጋዜጣታትን መፅሄታትን'ውን ነቲ ጉዳይ ኢቃልሕ ነበርኩ።*

እዚ ካብ ጸብጽብ ናይተን ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ስደት ዓለም ኮነ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝርከባ ውድባት ብውሽጣዊ ቅርጽን ዝግለጽን ዝካየድ ዝነበረ መረደእታ ጽሑፋቶምን ኣንፈቱ ናበይ ገጹ የብል ኣሎ ዝብል ኣቓልቦነ ነቲ ንደርጊ ካብ ሱሩ ባሕጊጉ ዝተዓወተ ኢህወደግ ብደቂቕ ይካታተል ምንባሩ ክርሳዕ የብሉን። ንሱ ዝከታተሎ ንግዝይኡ ንጎድኒ ገዲፍና፣ ስለምንታይ ኢዩ እቲ ብህግደፍን ናይ ዝተፈላለያ ብሄራት ኢትዮጵያ ናይ ሓባር ስራሕ ተጀሚሩ ዝብል ክንብርብሮ ዘለና ምስትብሃሉን ንጉዳይና መፍትሒ ዝኸውን ጭብጥታትና የበርክትልና። ነቲ ናይ ረፈረንዱም ጉዳይ ዝተዋህበ መግለጺ ኣቶ ኣብረሃም ያየህ እውን ዝኸውን ትንታኔ ከይረሳዕ፣ና ግን መንስኤ ናይዚ ሕቶ እዚ ምፍሕታር'ውን፣ ደሚርና ኢና ንፍሕትሮ። እቲ ጠንቂ እንታይ ኢዩ? ክም ናይ ቀጻሊ ኣርእስትና ገለ ወስ ከብል እመርጽ።

ኣብ ኢትዮጵያ ንህግደፍ ኮነ፣ ነቶም ዕሉላት ናይ ሃጸይ ምንሊክን፣ ሃይለስላሰ ኮነ ናይ ደርጊ፣ ምስኡ እውን ብዝዓበየ ናይ ኦርከስትራ ኣቀናባሪ ጉጅለ ኢሰያስ ምስ ህግደፍ ብዓቢኡን ብሓባርን ዓበድበድ ዘበለ ለውጢ ይካየድ ምንባሩ ክንግንዘብ ንኽእል። ነቲ ዝካየድ ለውጢ ብጎድኒ ኮይኖም ሸለል ምባሎም፣ እቲ ዝካየድ ዘሎ ደሞክራሲያዊ ለውጢ፣ ነቶም ጸይቀ ግኑናት ፈጺሙ ናብ ግብኣተ-መሬት ክም ዘብጽሖም ኢዮም ተመልኪቶሞ። ናይ ፖለቲካ መንሽሮ ወይ ኤድስ ቫይሩስ ለኺፍዎም ስለ ዝነበረ ሞት ብሞቱ ለኪምካ ምጥፋእ ዝብል መርገጺ ኢዮም ወሲዶም። ግን እቲ ቀንዲ ዓበድበድ ንምግላህ ዝኣክል እስከ ንቐጽል። እንታይ ኢዩ እቲ ግላህ ዘለዎ? ንህግደፍን ነቶም ናይ መሳፍንቲ ትርፍራፍን ኣብ ከብዶም ዝጸዓየ ናይ ቶንኮል ስሚ ካብዘን ዝስዕባ ዝተሓቘና ሕማማት ክኾና ዝይእላ። ኣብ መጻኢ ድማ ምስቲ ሰብ ጠበብን ጸብጻባት ብሒቶም ዘለዉ ተናጺሖም ዝናዘዙ ክም ዝርከቡ ክንክሕድ የብልናን። ኣብ ታሪኽ ክም ዝጥቀስ ኣብ ደምበ ተንኮለኛታት ገለ ሕልና ዘለዎም ክህልዉ ይኽእሉ

1 ኢህወደግ ንኹሎም ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ካብ ናይ ዓመጽን ጎነጽን ወጺኦም ኣብ ሰላማዊ ቃልሲ ኣድሂቦም፣ ኣብ ሃገሮም ምስ ህዝቦም ኣድላይ ሰላማዊ ክም ፖለቲካ ትካላት ኮይኖም ዝዋፍውሩሉ ባትታ ምፍጣሩ፣ ኣወንታዊን ውጽኢታውን ሃዋሁ ፈጢሩ ህላዌኦም ስለ ተቐበለ፣ ንበሓቲ ዝነጽግ ሃዋሁ ብምፍጣሩ ዘስዓቦ ስግኣትን ሸቐልቀልን ዘለዓዓሎ ቆለን ዛርን ዝጭብጦ ብምስኣኑ።

2 ኣብቲ ሓዲሽ ቅዋም ኢትዮጵያ ብዓንቀጽ 39 ነፍስ-ወከፍ ዞባ ወይ ብሄር ከይተረፈ ረብሕኦም ኣብታ ሃገር ኮይኑ ምስ ዝረከብ፣ ጠለባቶም ክሳብ ምንጻል መሰል ዘፍቅድ ኮይኑ ምንዳፉ። እዚ እውን ንኹሉ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ዝፍጠር ዘይምርድዳእ፣ ሰላማዊን ናይ ሓባር ረብሓን ዘቕድም ሕጋዊ መሰል ንኹሉ ኣቓልቦ ክም ዝስሕብ ስለ ዝተገንዘቡ፣ ባህሮም ግን ጸረ ህዝብዊ ምርድዳእ ስለ ዝኾነ፣ ንዓመጽን ዕግርግርን ዘተላዓለ ዘበገሶ ሕልንኦም'ዩ።

እዘን ክልተ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ንተቛዋምይ ምቕባልን፣ ናጽነት ምስለ ብሄራትን ምኽባረን{ ንዕድመ ዲክታቶርነትን ምልክን ዘሕጽራ ሕንጻጻት ኢየን። ዝኾነ ይኹን ናይ ባሓቲን ገባትን ሕማም ከም ወልፊ ኣብ ኣንጉዑ ዘስፈረ ዲክታቶቲያዊ ህርፋን ንመሳፍንትን ከም ናጻ ህዝብን ናጻ ሃገርን ገይሩ ዘጽልኦም ካልእ ኣርእስትን ትሕዝቶን ክህሉ ኣይክእልን። ውግእ ምጽሕታር ድማ ንዝዕንብብ ዘሪግካ፣ ጽልእን ምድማይ ህዝብታትን ከም ሜላ ገይሮም ስለ ዝወስድዎ ናይ ኩሎም ንቀውታ ጨቆንቲ ፖለቲካዊት ፍታሕ ንሳ ጥራይ ኢዮም ዝውንኑ። ነቲ ማሕባራዊ ቁስልታት ክራባሕን ተላጋቢ ሕዱር ሕማም መታን ክኸውን በብቑሩብ ኢዩ ዝፍኖ። ብርክት ዝበሉ ወገናትና ማለት ካብ ህዝብን ተጋደልትን ኤርትራ ን30 ዓመታት ኣሽሓት ጀጋኑ ዝኸፈልናሉ ቃልስና፣ ብዘይ ተሳትፎ ህዝብናን፣ ናጻ ባይቶናን፣ በይኑ ብድሕሪት ኮይኑ፣ ካብቶም ኣባላት መሪሕነት ብጾቱ እውን ከይተረፈ ከይተሓወስዎ፣ ኢሰያስ በይኑ ዝኣለሞ ፍሕሶ ረፈረንዱም ዝብል ሕልሚ ኣለዓዓለ። ህዝብን ደቂ ተጋደልቲ ካብ 1961 ዓ.ም ክሳብ 1980 ረፈረንዱም ዝብል ሕቶ ከም ጠለብ ኣብ ሓሳቦም ኣይነበረን። ረፈረንዱም ምስ ምፍራስ ባይቶ ኤርትራ በቲ ሃጼያዊ ስርዓት ከም ምርጫ እንተ ዝጥለብ ነይሩ ቅኑዕ ክኸውን'ዶ ምኻኣለ ዝብል መርትዖ ዘቕርቡ ኣይምትሳእኑን። ነቲ ፌደረሽን ዝብል ቅርጺ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብሃይለስላሰ እንዲዩ ተጣሒሱ። ዘይንደልዮ ፌደረሽን ተገዲድና እንዲና ተቐቢልናዮ። ብሰላሕታ ድማ ረፈረንዱም ብኢሰያስ ስዒቡ። ሃይለስላሰ ነቶም 68 ኣባላት ባይቶ ብጠበንጃ ኣኽቢቡ ኢዩ ኣድምጹ ክብል ንኤርትራ ዝጎበጣ። ኢሰያስ ድማ ህዝብን ሃገርን ኣተዓሻሽዩ ብረፈረንዱም ነቲ ዝደመናሉ ኣምኪኑ ኣተግቢርዎ። ብኻልእ ድማ ንእህወደግ ሃገር ከም ዝሸጡ ዱቦላ ኣውሪዱሎም። ዓመጽ ብዓመጽ ይተኣለ ዝብል ሕቶ ህዝቢ ኮይኑ ስለ ዝተሰምየ ዶኾን፣ ቃልስኹም ቅኑዕ ኣይነበረን ዝበለና። ኤርትራ ከም ሃገር ትቐውም ዝጠልብ ሕቶ፣ ምስተን ካብ መግዛእቲ ብዘይ ገለ መሰናኽል ናጻ ዝወጻ ሃገራት ኣፍሪቃ፣ ንሕና እውን ከም ከንያን ኡጋንዳን ታንጋኒካን ተዛረብቲ ሓንቲ ቋንቋ ሰዋሒሊ (መብዛሕትኦም ዳርጋ ሓደ ህዝቢ ዝኾኑ እሞ ኣብ ሰለስተ ሃገራት ክኾኑ ዝተፈቕዶም፣) ከምኡውን ዳርጋ መብዛሕትኤን ሃገራት ኣፍሪቃ እውን ካብ ገዛእተን ተገላጊለን ናጻ ዝወጻ፣ ዕጫ ኤርትራ እውን ከምኡ ክኸውን ነይርዎ። ንተንኮል ኢሰያስ ዘይተረደአ ህዝቢ ኤርትራ ጠለቡ ምስ ተጨውየ ኢዩ ናብ ረጽሚ ዝኣተወ። ዕድል ህዝቢ ኤርትራ ብኤርትራውያ ጥራይ ኢዩ ዝፍታሕ። ንህዝቢ ኤርትራን ትግራይን ዝሃሲ፣ ብዙሕ ሕሉፍ ታሪኻዊ ዝምስክሮ ፍጻሜታት ብሓባር ንትርኾ ታሪኽ ኣለና። ይኹን እምባር እቲ ረፈረንዱም ዝብል ምስ ናጽነት ዝተታሓሓዘ ጠለብ ህግደፍ ንዓና ኮነ ንእህወደግ ኣብ ዘይተጸበናዮ ጠምበርበር ዘብል ጋህሚ ኢዩ ኣእትዩና። ንሕና ከቢድ ክሳራ ከፊልና ናጻ ዝወጻእናሉ ቃልስና፣ ተመሊስካ ናብ ተንኮለኛ ምውንዋን ጸላእትና ዘእቱን ዘተባብዕን ሕቶ ካብ ህግደፍ ስለ ዝተበገሰ እንሆ ኣብ ወጥሪ ንኣቱ። ማቕን መንጠሊናን ሓዘን ኣልቢሱና። ከም ህዝቢ ብሓደ ንነብረሉ ባይታና ሃደሽደሽ ኢሉ። ቀጺሉ ድማ ሕውሓት ንኤርትራ ከም ዝሸጥዋን ብገለ ክፋል ህዝቢታት ብኽድዓት ከም ዝኽሰሱ ምግባር ዝወጠነ እኩይ መደብ ዳርጋ ተዓዊቱ ነይሩ ክንብል ንኽእል። ገና እውን እቲ ሽርሕታት በብቑሩብ ፋሕቲርና ክንገልሆ ኣለና።

ኣብ ቀጻሊ ነቲ ርክባቶም ብብሩህ ክቃላዕ ኢዩ።

ብመምህር ተስፉ ዘውደ።
ጀርመን 27.03.2010